nystateofhealth
The Official Health Plan Marketplace



# ዋላ'ኳ መድሕን ጥዕና ብኣስራሒየይ ጌሩ እንተቐሪብልና ስድራ ቤተይ ንገንዘባዊ ሓገዝ ብቑዓት ይኾኑ ድዮም?

## ሽፈነ መድሕን ጥዕና ስድራቤት ንምኽፋሉ ዝያዳ ዝካኣል እናኾነ ይኸይድ ኣሎ

### ገንዘባዊ ደገፍ ንምርካብ እተገብረ ሓድሽ ሕጊ ብመገዲ NY State of Health

- ካብ 1 ጥሪ 2023 ኣትሒዙ ንኣባላት ስድራቤት ገንዘባዊ ደገፍ ንምርካብ ብቑዕ ምዃን ካብቲ ኣስራሒ ዚህቦ ንምኽፋሉ ዝካኣል ናይ ስድራቤት ሽፈነ እተመርኰሰ እዩ።
- እቲ ክፍሊት ናይ መድሕን ካብ ኣታዊ ስድራቤት ትሕቲ 9.96 ሚእታዊት እንተ ኾይኑ መደብ ጥዕና ስድራቤት ከም "ንምኽፋሉ ዝካኣል" ጌርካ እዩ ዝውሰድ።
- ሽፈነ ስድራ ቤት ንምኽፋሉ ዘይክኣል ኮይኑ እንተ ድኣ ተወሲዱ, ኣባላት ስድራ ቤት ገንዘባዊ ደገፍ ኪግበረሎም ብቑዓት ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም።
- እዚ ንሰራሕተኛታት ፈተነ ተኽእሎታት ንምኽፋል ኣይቅይሮን እዩ ። እቲ ሰራሕተኛ ብኣስራሒኡ ኣቢሉ ንምኽፋሉ ዝካኣል ንጽል (ሰራሕተኛታት ጥራይ ((employee-only)) ሽፈነ ዝኽእል እንተድኣ ኾይኑ፣ ብ NY State of Health ኣቢሎም ገንዘባዊ ደገፍ ንምርካብ ብቑዓት ኣይኮኑን። ይኹን እምበር ኣባላት ስድራ ቤት ብቑዓት ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም።

### ቅድሚ 2023 ዝነበረ ሕጊ ገንዘባዊ ደገፍ

- ክሳዕ 2023፣ ኣብ ዋጋ ንጽል (ሰራሕተኛታት ጥራይ (employee-only)) ሽፈነ ተመርኲሱ መድሕን ጥዕና "ንምኽፋሉ ዝካኣል" ጌርካ እዩ ዝውሰድ።
- ክሳዕ ሽው ግን እቲ ክፍሊት ናይ መድሕን ንንጽል (ሰራሕተኛ ጥራይ (employee-only)) ሽፈነ መጠን ካብቲ ናይቲ ሰራሕተኛ ኣታዊ ስድራቤት ትሕቲ 9.61 ሚእታዊት እንተድኣ ኾይኑ "ንምኽፋሉ ዝካኣል" ጌርካ እዩ ዝውሰድ። እቶም ካብ ኣስራሒኦም ንምኽፋሉ ዝካኣል ናይ ጥዕና መድሕን ክረኽቡ ዝኽእሉ ሰራሕተኛታት ነቲ ናይ NY State of Health plan ዘውጽኦ ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ ብቑዓት ኣይኮኑን።
- ሓደ ሰራሕተኛ ብመሰረት እዚ ሕጊ እዚ ብ NY State of Health ኣቢሉ ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ ብቑዕ እንተ ዘይኮይኑ፣ ኣባላት ስድራቤት ናይቲ ሰራሕተኛ ብ NY State of Health ኣቢሎም ገንዘባዊ ሓገዝ ክረክቡ ኣይፍቀደሎምን ኢዮም። እቲ ኣስራሒ ዚህቦ መደብ ጥዕና ስድራ ቤት ልዕሊ 9.61 ሚእታዊት ኣታዊ ስድራ ቤት ዜውጽእ እኳ እንተ ኾነ እውን እዚ ግን ዚውዕል እዩ።

### እንታይ ክትገብር ትኽእል፧

- ነቲ መሳርሒ ኣብ ኒው ዮርክ ዝርከብ ናይ ጥዕና ፋይናንሳዊ ረድኤት ቀመር ተጠቐመሉ፥ [https://info.nystateofhealth.ny.gov/estimate-financial-assistance](https://info.nystateofhealth.ny.gov/estimate-financial-assistance)
- እዛ ንዋት እዚኣ ንስኻን ኣባላት ስድራ ቤትካን ገንዘባዊ ደገፍ ክትረኽቡ ብቑዓት እንተ ኼንኩም ንምፍላጥ ገምጋም ትህብ። ናይ ሓቂ ብቑዕ ምዃንካ ምስ ኣመልከትካ እዩ ዚውሰን።

### ንስኻን ኣባላት ስድራ ቤትካን ቀጥባዊ ደገፍ ክትረኽቡ ብቑዓት ከም ዝኾንኩም ትሓስብ እንተደኣ ኼንኩም ሓገዝ ንምርካብ ምስ NY State of Health ተራኸብ፧

ኦንላይን: [nystateofhealth.ny.gov](https://nystateofhealth.ny.gov)

ብተሌፎን፥
1-855-355-5777 ወይ
TTY: 1-800-662-1220

ብኣካል፥
ኣብ ጥቓ ገዛኻ ወይ ስራሕኻ ዝርከብ ካብ ዝተመስከረሉ ሓጋዚ ብኣካል ዝዋሃብ ናጻ ሓገዝ

NY State of Health ምስቶም Federal civil rights laws ከምኡውን state laws ተሳንዩ ይሰርሕ፣ ኣብ ናይ ጥዕና ፕሮግራማቱን ንጥፈታቱን ብምኽንያት ዘርኢ፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ሃገራዊ መበቆል፣ ሃይማኖት፣ ፆታ፣ ዕድመ፣ ሓዳር/ኩነታት ስድራ፣ ገበን ፍርዲ/ፍርዲታት፣ መለለይ ፆታ፣ ምልከታ ፆታ፣ ብፍሉይ መፈጠራዊ/ጂን ባሕሪያዊ ድልየት፣ ወተሃደር ኹነታት፣ ብናይ ጉድኣት መጠን ናይ ውሽጢ ገዛ ጎንፂ ወይ/ከምኡውን መልሰ-መጥቃዕቲ፣ ምፍልላይ ኣይገብርን።